orientation
orientamento
berufsberatung
.ch

Informationen in anderen Sprachen
Informations en langues étrangères
Informazioni in lingue straniere

ካብ ቤት ትምህርቲ ናብ ሞያ

ሐበሬታ ንወለዲ

ናብ ዝኸበርኩም ወለዲ
ጓልኩም ወይ ውድኹም ኣብ 7. 8. 9. ወይ 10. ክፍሊ ይመሃሩ፡ ኣብዚ ምስበጸሑ፡ ክውስኑ ኣለዎም ትምህርቲ ክቕጽሉ ወይ ሞያ ክመሃሩ። እዚ ስጉምቲ ኣገዳሲ እዩ። እንተ ሞያ ሒዞም ወይ ከኣ ማእከላይ ደረጃ ናይ ቤት ትምህርቲ ፈጺሞም ኣብ ስዊዘርላንድ ጽቡቕ ዕድል ኣለዎም ንመጻኢ ኣብ ስራሕ ክምዕብሉ።

ቤት ትምህርቲ ከመይ ገሩ ይሕግዝ፡

እቲ ቤት ትምህርቲ ነቶም ተመሃሮ ኣብ ሻምናይን ታሽዓይን ምስበጸሑ ሞያ ክመርጹ ይቀራርቦም ወይ ትምህርቲ ክቕጽሉ። ክመይ ከም ዘቃራርብዎም ንመምህር ኣብቲ ኣኸባ ናይ ወለዲ ሕተቱ።

ናይ ሞያ ምኽሪ ኣገልግሎት[1] ከመይ ገሩ ይሕግዝ፡

ናይ ምኽሪ ሞያ ኣገልግሎት፡ ብዛዕባ ሞያን ስራሕ ስልጠነን ትሕብር። ተወሳኺ ድማ ከይድካ ብዛዕባ ድልየትካን ክእለትካን መገድታትን ተዘራርብ። እዚ ኣገልግሎት ንተመሃሮ ስቱርን ነጻን እዩ።

ናይ ሞያ ምኽሪ ኣገልግሎትን ቤት ትምህርትን ነቶም መንእሰያት ትምህርቲ ክቕጽሉ ወይ ሞያ ክመርጹ ይሕግዙ። እንተ ኣድሊዩ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ክትደሊ ይተሐጋገዙኻ ኢዮም። እቲ ቀንዲ ሓላፍነትን ምድላይን ኣብቶም ስድራቤት እዩ ዝተርፍ።

እቶም መንእሰያት ባዕሎም እንታይ ክገብሩ ኣለዎም፡

ብኽመይ ወለዲ ንደቆም ገረኦም ይሕግዝዎም፡ ወድኻ ወይ ጓልካ ባዕሎም ክንቃሳቐሱ ኣለዎም፡ ቤት ትምህርቲ ምስ ፈጸሙ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ክረኽቡ። ንብዙሓት እዚ ቀሊል ኣይኮነን። በዚ መኽኒያት እዚ ኣገዳሲ እዩ ወለዲ ክሕግዝዎም። ሕቶ እንተለኩም ወይ እንተጸጊሙኩም ናብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ምጽ።

ስራሕ ወይ ትምህርቲ ክትመርጽ ነዊሕ ግዜ ይወስድ እዩ። በዚ መኽኒያት እዚ ሕቶ ሕተት መልሲ ክትረክብ። እቲ ቀንዲ ሕቶታትን ቀንዲ መገድታትን መልሲ ትረኽበሉ ብኽምዚ ኣገባብ እዩ።

---

[1] ነፍስ ወከፍ ዞባ (ካንቶን) ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ኣለዎ። እቲ ኣድራሻታት ኣብ ቤት ትምህርቲን ማሕበርካን ወይ ከኣ ኣብ ዝስዕብ ይርከብ።
Deutsch: www.berufsberatung.ch/biz Français: www.orientation.ch/offices Italiano: www.orientamento.ch/uffici

ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት ብፍሉይ ሽምን ሐጺር ሽምን እዩ ዝፍለጥ።

ቋንቋ ጀርመን ዝዝረበሉ ዞባ	BIZ, Laufbahnzentrum
ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረበሉ ዞባ	OP, SOPFA, OFPC, COS, OROSP, CIO, OCOSP
ቋንቋ ጥልያን ዝዝረበሉ ዞባ	orientamento, UOSP

ሀ ነብስኻ ምፍላጥ

ዝሰዕብ ሕቶታት ደቅኹም ንነብሶም ክሓቱዋ ኣለዎም

- ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣበየናይ ዓውዲ ንፋዕ እየ፡ ኣየናይ ዓውዲ እፈቱ፡
- ኣብ ዕረፍትን ገዛን እንታይ ተማሂረ (ንኣብነት ዝተፈላለየ ቋንቋታት ምዝራብ መግቢ ምድላው ኣስበዛ ምግዛእ ገለ ነገር ምዕራይ መካይድኻ ጸገም እንተለዎ ሽግሮም ምስማዕ ኣብ ማሕበር ናይ ስፖርት፡ ኣብ ማሕበር መንእሰያት፡ በዓላት ናይ ማሕበር ምድላው) ፡
- ኣብቲ ተወሳኺ ስራሕ ክም ዘይድንጉን እሙንን ምኳነይ ኣርኢየዶ፡ (ንኣብነት ጋዜጣ ምዕዳል ቆልዑ ምሕላው ሳዕሪ ምዕጻድ ኣብ ሐደ ትካል ቀዳምን ሰንበትን 2-3 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ምሕጋዝ)
- ኣበይ ሐይልን ዓቅምን ኣሎኒ ኣበይ ድኽመተይ፡

ክመይ ገርም ወለዲ ንደቆም ይሕግዙ በዚ ዝሰዕብ ኣገባብ

ኣተሐሳስብኦም፡ ኣየናይ ስራሕ ምስ ደቅኹም ዝኸይድ፡ ኣየናይ ክእለት ክም ዘልዎም።

ለ ሞያታት ምፍላጥ

ደቅኹም ብሓበሬታ[2] ብ "Schnupperlehren " ሞያታት ፈሊጦም

- ክመይ ገርካ ሞያታት ተጽንዕ፡ መግለጺ ብዛዕባ ሞያታት ኣንብብ ፊልምታት ረኣይ ናብ ሰሚናራትን[3] ትርኢትን ብዛዕባ ሞያታትን[4] ሞያ ትምህርትን ኪድ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ሕተት።
- "Schnupperlehren" ምግባር። "Schnupperlehre" ግበር ኣብ ሐደ ትካል ሞያ ክተጽንዕን ክትፈልጥን። „Schnupperlehre" ዳርጋ 2 -3 መዓልታት ይክይድ። ትካላት „Schnupperlehren" ይጥቀሙ ነቶም መንእሰያት ክላለዩን ክመርጹን። እንተነፊዕካ ዕድል ኣለካ ኣብኡ እቲ ሞያ ክትመሃር።

ክመይ ገርም ወለዲ ንደቆም ክሕግዙ ይኽእሉ፡

- ንደቅኹም ኣሰንይዎም፡ ኣኽባ ብዛዕባ ሞያታት እንተሎ። ኣዛኽኽርዎም ቆጸረታት ክይርስዑ።
- ኣሰንይዎም ናብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ። ኣፍልጦ ናይ ዝተፈላለየ መገድታት ናይ ሞያ ትምህርቲ ክህልወኩም ኣለዎ።
- ንደቅኹም ኣዛራርብዎም ብዛዕባ ተመከሩዎ ኣብ ስራሕ።

---

[2] ጀርመን Schnupperlehre
ፈረንሳ stage d'orientation
ጥልያን stages

[3] ሰሚናራት ሐበሬታ ትረኽበሉ
www.berufsberatung.ch/Informationsveranstaltungen; www.orientation.ch/manifestations; www.orientamento.ch/eventi

[4] ትርኢት ብዛዕባ ሞያታትን ሞያ ትምህርትን
ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕተት መዓስ ክምዘሎን ኣበይ ክኣ ክምዘሎ። እዚ ትርኢት ዝተፈላለየ ሽም ኣለዎ።
ብጀርመን Berufsmesse, Ausbildungsmesse, Berufsschau
ብፈረንሳ Salon des métiers, Cité des métiers,salon de la formation
ብጥልያን ESPO Professioni

ሐ ሞያን፣ ቤት ትምህርትን ምምራጽ

ደቅኹም ኣብ ምምራጽ ሞያ ኣብ ዝስዕብ ዘሎ ክጥንቀቁ ኣለዎም። ክትሐስብ ብሞያ ክትመርጽን፣

- ወይ ትምህርቲ ክትቅጽልን ብዙሕ ክትገብርን፣ ግዜ ይወስድ እዩ።
- ኣድላዩ እዩ 1 ወይ 2 ምርጫ ክህልወካ።
- ንመምሃራን ኣበይ ጉድለት ኣለኒ፣ ከመይ ገረ ኣብ 9. ወይ 10. ክፍሊ ክቀራረብ እኽእል ሕተት።

ክም ወለዲ መጠን ኣበይ ክትሕግዙ ትኽእሉ፣

- ትግደሱ ዲኹም ብዛዕባ ውሳነ ደቅኹም።
- ተዛራረቡ ብዛዕባ እቲ ዝመረጽዎ ሞያን ምርጫን

መ ሞያ ትምህርቲ ምድላይ *(መብዛሕቱ ግዜ ሐደ ዓመት ቅድሚ ትምህርቲ ምፍጻም)*

ሞያ ትምህርቲ ክደልዩ እዚኣ ትስዕብ ዘላ ጽሕፍቲ ንደቅኹም ትሕብሮም እያ።

- "ከመይ ገርካ ነጻ ቦታ ናይ ሞያ ትምህርቲ ትደሊ"[5]፤

ክም ወለዲ መጠን ኣበይ ክትሕግዙ ትኽእሉ፣

- ኣዛኽኽሩ ንደቅኹም ኣቐዲሞም ክጅምሩ ሞያ ትምህርቲ ክደልዩ።
- ኣታባብዕዎም ኢንተተነጺንም ክቅጽሉ፣ ሞያ ትምህርቲ ክደልዩ።

ናብ ዝኸበርኩም ወለዲ

ነዊሕ ኣይትጸበዩ ሕቶ ብዛዕባ ምምራጽ ሞያ ደቅኹም እንተለኩም። ንመምሃራን ወይ ንኣገልግሎት ናይ ሞያ ምኽሪ ሕተቱ።